ዕለት፣ 15 ለካቲት 1998 [22 ለካቲት 2006]

ናብ ብፁእ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ
ናይ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ሊቀ ጳጳስ
መንበረ ፓትርያርክ ኣሥመራ

ኣቐዲመ ብምሉእ ልባዊ ትሕትና ንኹሉኹም ኣቦታት ድፍእ ኢለ ሰላምታይ ኣቕርብ ኣስዒበ ነዚ ዘቕርቦ ሕቶ ብቕኑዕ ሕሊና ሰሚዕኩም ብሲኖዶስ ደረጃ ርትዓዊ መልሲ ኽትህቡኒ እምሕጸን፡፡

ብ 28 ጥሪ 1998 ዓ ም ግ ኣብ መካነ ሕይወት መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ምስ ብፆትኩም መጺእኩም ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መካነ ሕይወት መድሃኔ ዓለም ይወሃብ ንዝነበረ ትምህርቲ ወንጌልን ትምህርቲ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ብዝምልከት፣ "ትምህርቲ መናፍቅነት ይወሃብ ከም ዝነበረ ብ2001 ዓ.ም. ካብ ጽሑፋቶም ዝረከብናዮም ሓቂ 8 ነጥቢ ጌጋ ዘለዎ ኣሎ፣ እዚ ሓቂ እምበር ሓሶት ኣይኮነን" ኢልኩም፡፡ ነዚ ነጥቢ ትምህርቲ መናፍቕነት ዝበልኩምዎ ባዕላቶም እቶም ጽሒፎም ትብልዎም ይመልስሉ ንኣይ ኣይምልከትን እዩ፡፡

ኣስዒብኩም "ዓሰርተ መዓልቲ ክንስሑ መፈረሚ ወረቀት ኣብዚ ሰበካ ጉባኤ ገዲፍናሎም ኣሎና" ኢልኩም እንተ ዘይተነስሑ ግና ዝገደደ ኣሎ ኢልኩም።

ኣስዒብኩም ቐሺ ሃብቶም፣ እዞም ስሞም እነንብቦ ደገፍቲ መናፍቃን ኮይኖም ብ2005 ዝተጻሕፉ እዮም ብምባል ሽም ቀሳውስትን ዲያቆናትን ምእመናንን ወዘተ ኣንቢቡ፣ ሽመይ ሽም መም ዓምደብርሃን ገብረማርያም ከኣ ጸዊዑ፣ ኣዝየ ውን ገሪሙኒ፣ እዚ ጸለመ እዚ እቲ በዓል ብዙኅ ምሕረት ኣምላክ ንመሕጸብ ሓጢኣተይ ምእንቲ ስሙ ክጽለም ነዚ ጸጋ እዚ ስለ ዘብቀዓኒ ክብሪ ንቕዱስ ስሙ ይኩን እብል፡፡
ግናኸ እስከ ክሓትት ኣፍቕዱለይ፣ ኣበየናይ ዓመት ወርሒ ፣ ነየናይ መናፍቅነት እንታይ ዝብል ድጋፍ ሂበ እፈልጥ ሽመይ ኣበይ ስለ ዝተረክበ እዩ ተጻሒፉ፡፡ ኣብቲ ናይ 2005 ዝበልኩምዎ ውን ኣነ ዝጸሓፍኩዎ ወይ ዝፈረምኩዎ የብለይን፡፡

ኣብ መካነ ሕይወት መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ካብ 1969 ወርሒ ለካቲት ክሳብ 1998 ወርሒ መስከረም ብስብከት ኣገልጊለ፡፡ እዚ ከኣ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ኾነ ኣብ ደገ ከምኡውን ኣብ ወወርሑ መድኃኔ ዓለም ነቲ በዓል ዝምልከት ሰንበት እንተኾነ ውን በቲ ዝወጸ መርሓግብር ግጽዊ ብዝህቦ መልእኽቲ ሰቢኸ ምሂረ፡፡ ኣበየናይ እዩ መናፍቅነት ዝመሃርኩሉ ወይ ዝደገፍኩሉ እስከ ይነጸረለይ ጭብጢ እንተ ኣለኩም?

ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት እንተኮነውን ኪምስረት ጀሚረ፣ ትምህርቲ እምነት ኦርቶዶክስ ካብ በስመ ኣብ ኽሳዕ ጸሎት ሃይማኖት ወዘተ ዘሎን ሓሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢርን 7 ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን እምህር ነይረ፡፡ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ውን ምሂረ፡፡

ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ውን መደብ እንተተዋህበኒ መደብ ካብ እምነት ወልድ ዋሕድ ዘይወጸ ትምህርቲ ወንጌል ምምሃረይ ምስቶም መንእሰያት እናመዓ ድኩን ኣንጻር መናፍቃን እናተቓለስኩን ንዓመታት ምግልጋለይ ሓቂ እዩ፡፡ ሓንቲ መዓልቲ ወይ ሰዓት ሓንቲ ንመናፍቃን ዝድግፍ እዚኣ ኢሉ ብጽሑፍቲ ወይ ብቃል ወይ ብግብሪ ኣንጻረይ ዝምስክር እንተሎ ይቐረብ፡ ብወገነይ ግና ሰይጣን ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ከሲሱ ከም ዘይረትዓኒ እየ ዝኣምን፡፡ ኣይኮነን ብግብሪ ብሕሊናውን የብለይን፡፡

ሀ. ኣብ መንበረ ጵጵስና ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ድማ ንሸውዓተ ዓመት ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ልሣን ቤተ ክርስቲያን በብወርሑ ካብ 4-ክሳብ 6 /8 ገጻት ከከም እዋኑ እናኣስናዳእኩ ኣዳሉ ምንባረይ ዚፍለጥ እዩ፡፡ ኣብዚ ጋዜጣከ ድጋፍ መንፍቅነት ዝጸሓፍኩዎምዶ ኣለው እዮም? ብርግጽ የለውን ደጋፊ መናፍቓን ዘብለኒ ደኣ እንታይ እዩ? ኣነጽሩለይ፡፡

ለ. ቅዳሴ ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ተርጕመ ንቤተ ክርስቲያን ምውፋየይሲ ሕዝቢ ክርስቲያን ተዋሕዶ ብዚሰምዖ ቋንቋ ትግርኛ ሰሚዑ ኸርዳእ እምነቱ ኼጽንዕ እንተ ዘይኾይኑስ ደጋፍ መናፍቃን ኮይነ ድየ ነዚ ጽዒረ?

ሐ. መጽሓፈ ተክሊል ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ተርጕመ ምሕታመይ እቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ዚርአ ኣፈጻጽማ ስርዓተ ተክሊል ኪንጻር እሞ ደቂ ተዋሕዶ ቃል ኪዳኖም ብግቡእ ብዚስምዕዎ ቋንቋ ኪዳኖም ኪፍጽሙ ቤተ ክርስቲያን ብድጋም ጥራይ ኣብጺሓ ኣይሰማዕናን እንድዒ ቃል ኪዳን ይኹንካ ጥራይ ኢሎምናስ ዝብሉዶ ኣይኮነን ዝተርጎምኩዎን ኣፈጻጽምኡ ኸአ ብንጹር ዚፍጸምን፡ ንዚሰምዖ ዚሓንጽን ዘሎ ንድጋፍ መናፍቃን ድዩ ኸቑጸር፡፡ እዝስ ብሓቂ ደጋፍ መናፍቃን ኮይኑ እንተ ተራእይኩም እድንቅ እወ "ንዝሰሓበ ይዘብጥዎ እዩ"፡፡

መ. መጽሓፈ ጥምቀት ክርስትና ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ተርጕመ ምቅራበይ እቲ ዚጥመቅን እቲ ዘጠምቅን ብግቡእ ምሥጢረ ጥምቀት፡ እቲ መሰረት እምነት ተዋሕዶ ኣነጺሩ ምእንቲ ኺፈልጠዶ ኣይኮንኩን፡፡ እዚ ብምግባረይ ንሃይማኖተይ ደጋፍ መናፍቃንዶ የብለኒ እዩ?

ሰ. ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ሓላፊ ክፍሊ ትምህርቲ ከለኹ ኸ፡

1. 207 ገጽ ዝሓዘ መምሃሪ ብሉይ ኪዳን ምስ መግለጽኡን ታሪኩን ዕላምኡን ናይ 32 መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን መምሃሪ ምድላወይከ ንድጋፍ መናፍቃን ድዩ፡

2. 208 ገጽ ዝሓዘ ሓድሽ ኪዳን ብኸመይ ከም ዝተጻሕፈ ታሪኹን ቐኖናኡን ዘነጸረ ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ናብ ትግሪኛ ተርጕመ ንሰልጠንቲ ካህናትን ዲያቆናትን ዚኸውን ምቅራብይከ ንድጋፍ መናፍቃን ዲዩ?

3. ቤተ ክርስቲያን ኣንጻር መናፍቃን ዘሕለፈቶ ስቃይን ዝኸፈሎቶ መስዋእትን ዘፍሰስቶ ደምን ስማእትነትን ዝኃዘ ካብ ዘመነ ሓዋርያት ክሳዕ ዘመነ ሰማእታት፡

ሀ. ጉባኤ ኒቅያ

ለ. ጉባኤ ጉስጥንጥንያ

ሐ. ጉባኤ ኤፌሶን ቤተ ክርስቲያን እትቕበሎም

ጉባኤታትን 318 ሊቃውንቲን ዝሓገግዎ ዝወሰንዎን ዝመሀርዎን ናይ እምነት ምስክርነት ኣንጻር መናፍቃን ዝተጻሕፈ ታሪክ ቤተ ክርስቲያን ተርጕመ ንሰልጠንቲ ምቅራብይን 4ይ ጉባኤ ኬልቄዶን ቤተ ክርስትያንና ዘይትቅበሎ እኳ እንተኾነ ንኺፈልጥዎ ምትርጓመይንሲ ኣንጻር መናፍቃን ድኣ እምበር ደጋፍ መናፍቃን ኣይብለንን እዩ፡፡

እቶም ልዕሊ 300 ዘሰልጠንኩዎም ካህናትን ዲያቆናትን መዘምራንንከ ደጋፍ መናፍቃንዶ ይብሉኒ ይኮኑ? ኮቶ ዝብለኒ የለን፥
እዚ ንዚሰልጡኑ፥ ካህናት ዝተዳለወ ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ተቀሚጡ ዘሎ ጽሑፋት እስከ ፍቃድኩም እንተ ኾይኑ እባዚሕኩም ነፍሲ ወከፍኩም ወሲድኩም ኣንብብዎ እሞ ፍረዱኒ፡፡
ብዘይካዚ ን12 ዓመት ኣብ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ክሰርሕ ከለኩ ኸ ፊደላት ግእዝ ንምዕቃብ መስዋእቲዶ ኣይከፈልኩን እየ፡፡ ንጉስ ብዙኃን ፀሓይ ካብ ፍጥረት ክሳዕ ራእይ ኣብቲ ዚድለየሉ ከም ኣጽሓፉ ግእዝ ጌረ ሰኹዕ ምእታወይሲ ደጋፍ መናፍቃንዶ የብለኒ እዩ ኣነስ ብቅንኢ እምነተይ እየ ዝተቃለስኩሉ፡፡

ካልኣይ ቀኖና ብሉይ ኪዳንከ ብኸመይ ተጻሒፉ ካብ ኣንጻርናዶ ካብ ሰማእትነት ዘይንእሰ ጸርፍን ውርደትን ኣይተቀበልኩን እየ ዘይትፈልጥዎ ክትኮኑ ትክእሉ ኢኹም ምናልባሽ ሰለ ዘይትፈልጥዎ ግና እቲ ኩሉ ዝፈልጥ መድኃኔ ዓለም ስለ ዝፈልጦ ዓስበይ ከኣ ከም ዝተሰፈረለይ ኣኣምን እየ፥ እምበኣር ዝበጽሓኒ ወርደትስ ነይሩ እዩ፥ ንደጋፍ መናፍቕነት ግና ኣይገበርኩዎን ካልእ ደቀቕትን
ፍሩያትን ዘበርከትኩዎ ሕጂውን ንኣንጻር ተዋሕዶ ዕርቃኖም ዘውጽእ ቅኒን ዝብለሉ ዘለኩ ለይትን መዓልትን ዝጽዕረሉ ዘለኩ ነታ ቅንዕትን ጽንዕትን እምነት ወልድ ዋሕድ፥ ንሰብ ብዚርድኦ ቋንቋ ቀሪበ ንምሕላፍ ደኣ እምበር ንድጋፍ መናፍቕነት ኣይኮነን፡፡

እሞ እዚ ኩሉ ብጉልበይተይን ብፍልጠተይን ንቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ዘበርከትክዎ መጻሕፍቲ ናይ መናፍቕ እንተ ኮይኑ ደኣ ንምንታይ ኣብ ኩሉ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ትጥቀሙሉ ኣሎኹም?

ሰለዚ ብጹኣን ኣቦታት እግዚኣብሄር ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ኸይሓተኩም ስመይ ሓድሱለይ፡፡

ነዚ ውን ናብቲ ገጽ ሰብ ርእዩ ዘየዳሉ ሓቀኛ ፈራዲ ኢየሱስ ክርስቶስ መድሓኔ ዓለም ቅኑዕን ፈራዲ ሓቅን ከስምዓኒ እግባይ እብል እምህለል፡፡
እታ ንግሆን ምሸትን ሰኣሊለነ ቅድስት ዝብላ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ድማ ኸትጣበቀለይ እምሕጸና

መም. ዓንደብርሃን ገብረማርያም

ቕዳሕ
- ንምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክ ኣስመራ
- ንሰበኻ ጉባኤ መካነ ሕይወት መድኃኔ ዓለም ቤ/ክርስቲያን
- ንኩሎም ጳጳሳትን